# 20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት

ብስዉኣት ዝመጸት ሃገርና ኤርትራ

በሰልኣ ክተሐዊ ምዕባለ ጀሚራ

እንታይ እሞ ክኸውን ሓሳዳት ፈጥራ

ቲኤንቲ ይኸልኡዋ ኸይተፍርሶ ጎቦ

መንገዲ ጸሪጋ ዓድታት ኸይተላግቦ

ዲፕሎማሲ ይሕርሙዋ ኸይተካይድ ኣላዝቦ

ማሕኖቖ ኦኮኖሚ ዓለም ዘዛረቦ

መሰናኸላት ንርእዮ ኣሎና ንዕዘቦ

ዝሓለፈቶ መስገደል እቲ ናይ ቀደም

መልክዑ ቐይሩ ሕጂ'ውን ኸድገም

ተስግሮ ኣላ ነሕዛብ ብዘስደምም

እቲኣ ሃገር፣ ሃገር ኢ.ያ

እቲ ሕዝቢ፣ ሕዝቢ ኤርትሪያ

ዉሕስቲ ብባሕራ ብምድራ ብሰማያ

ክጽውዑዋ ዝብሉዋ ንእሽቶ ኤርትራ

ክርእዩ ዘይደልዩ ጠጠው ክትብል ብእግራ

ክትልምን ድልየቶም ገዲፉ ብጻዕራ

በትን በዝን ይብሉ ከጻዉዱ መፈንጠራ

መሰስ ትብል ትሰግሮ ሽግራት

ሕዝቢ ኣሎዋ ሕዝቢ ተኣምራት

ተግባሩ ተወፋይነት መለለይኡ ጽንዓት

ኤርትራስ ኮይና ኢ.ያ ኤርትራ ናይ ሕዝባ

ዘይትድፈር ሓጹር ብኣዕጽምቲ ስዉኣት ተኸቢባ

ስዉኣት ይዘከሩ ኣስቲዮምና ጸባ

እዚ ኹሉ ነጻነት ንርእዮ ዘሎና

ብኸምኡ ዘይኮነስ ስላ ስዉኣትና

ምእንቲ መስዋእቶም ምእንቲ ናጽነትና

20 ሰነ ንዘክራ ክረኽብ መንፈሶም መንፈስና

ኣብ ሜዳ ኤከበርጊ ስዓት ሰለስተ ተራኺብና

ሽምዓ ነብርሃሎም ክቐስን ሕልናና

ተገጥመ ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ